Tasmanian Electoral Commission

# ኣብዚ ናይ ሓጋጊ ቤት ምኽሪ ምርጫ ንምምራጽ ዝወጸ መምርሒ

**ዘክር፡-**

- ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ወይ ካኣ ንሓደ ሰብ ነቲ ዝበሎ ኽደግሞ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ።
- ጌጋ እንተ ፈጺምካ ሓድሽ ናይ ድምጺ ወረቐት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
- ድምጽኻ ምርጫኻ እዩ።
- ድምጽኻ ብሕታዊ እዩ።

## 1 ኣብ ምርጫ ቦታ በጺሕካ ኣለኻ - ሕጂ እንታይ እዩ ዝፍጸም?

ሓደ ናይ ምርጫ ሰራሕተኛ ንኽትመርጽ ብቑዕ ምዃንካ ንምርግጋጽ ሰለስተ ሕቶታት ክሓትተካ እዩ፡-

- ''ምሉእ ስምካ መን እዩ?' - ምሉእ ስምካ ንገሮም። ሓጋዚ እንተ እንተኾይኑ ድማ ነቲ ሰራሕተኛ ስምካ ዝሓዘ ናይ መንነት መለለዪ ከተሪኦ ትኽእል ኢኻ (ንኣብነት ፍቓድ መራሕ ማኪና፣ ሄልዝ ኬር ካርድ)።
- "ኣበይ ኢኻ እትነብር?" - እቲ እትነብረሉ ኣድራሻኻ ንገሮም።
- 'ኣብዚ ምርጫ እዚ ኣቐዲምካ ድምጺ ሂብካዶ?' - እዚ ይሓቱኻ ምኽንያቱ ኣብ ሓደ ምርጫ ሓንሳእ ጥራይ ንኽትመርጽ ስለ ዝፈቀደልካ እዩ።

## 2 ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቐት ክወሃበካ እዩ፡-

- ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቐት ምስ ተዋህበካ፣ ነቲ ኣብቲ ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቐት ዘሎ መምርሒታት ክትስዕቦ ይንገረካ።
- እቲ መምርሒታት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል እቲ ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቐት ተጻሒፉ ኣሎ።
- ርግጸኛ እንተ ዘይኬንካ፣ ንሓደ ናይ ምርጫ ሰራሕተኛ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## 3 ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቓቕትኻ ናብ ናይ ድምጺ ስክሪን ውሰዶ፡-

- ርሳስ ኣብቲ ናይ ድምጺ ስክሪን ይርከብ እንተኾነ ግን ብርዒ እንተ ሃሊዩካ ብርዒ ክትጥቀም ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ናይ ድምጺ ወረቐት ነፍሲ ወከፍ ሕጹይ ብጸጋማይ ሸነኽ ስሙ ሳጹን ከሀልዎ እዩ።
- ንኹለን ሳጹናት ብመስርዕ ከም እቲ ትመርጾ ሰሪዕካ ቍጽሪ ጸሓፍ።
- ንቀዳማይ ምርጫኻ ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ እቲ ሕጹይ ኣብ ዘሎ ሳጹን '1' ትጽሕፍ።
- ንኻልኣይ ምርጫኻ ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ እቲ ሕጹይ ዘሎ ሳጹን '2' ትጽሕፍ።
- ነዚ መስርሕ እዚ ንኹለን ሳጹናት ትቕጽሎ፣ ንነፍሲ ወከፍ ቍጽሪ ድማ ሓንሳእ ጥራይ ክትጥቀም ኣሎካ።
- **ኣይትረስዕ**፡- ነቲ ሳጹናት ምልክት ንምግባር ቍጽርታት ጥራይ ተጠቐም።
- ስምካ **ኣይትጽሓፍ** ወይ ናይ ኣብቲ ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቐት ኣይትፈርም።

## 4 ነቲ ናይ መጫ ድምጺ ወረቐት ኣብቲ ናይ ድምጺ ሳጹን ኣቐምጦ፡-

- ኣብ ጥቓ እቲ ናይ ምርጫ ድምጺ ሳጹን ደው ኢሉ ሓደ ሰራሕተኛ ምርጫ ኽህሉ እዩ።
- ድምጽኻ ብምስጢር ምእንቲ ኽግበር ነቲ ናይ ምርጫ ድምጺ ወረቓቕቲ ዕጸፎ።